ኣብዚ ወርሒ'ዚ ብዙሓት ኤርትራውያን ኣብ ባሕሪ ሃሊቆም፡ ተረዲእና። ብኸመይ ከምዝጠፍኡ ገና ኣይተጻረየን። እቲ ህልቂት ብቐረባ ንቤተሰቦም'ኳ ዝያዳ እንተኾነ ዘይሓዘነን ዘይተተንከፍን ዳርጋ የለን። ሰለዚ ሓዘን ኩሉ ኤርትራዊ ኢዩ። ንኩሎም ቤተሰብ መወቲ ጽንዓት ክህቦም፡ ከምኡ ድማ ነቶም ገና ኣብጉዕዞ ዘለዉ፡ ትዕግስቲን ልቦናን፡ መለበምን ክኾኖም ይግባእ።

መኮነን ዓንተራይ ለንደን (Mekonen Anteray)
18/04/2011

# <u>ባሕሪ ተዓገስ'ባ</u>

ባሕሪ'ውንዶ ጌሩ ግደኡ
እቲ ኣባጅጎ'ውን 'ዶ ጨኪኑ
ወይስ ኣሻርዩ ጣልቃ ኣትዩ
እንታይ'ዩ ክበሃል ካንዶ ኣጽቒጡ
'ቲጊዜ'ውን 'ዶ ኮይንዎ ቀዊጡ!

ካብ'ቲ ኢልካ ናብ'ቲ
ዝሓሸ መሲሉካ
ለካ ዘይፈለጥካ
ንሱ'ውን ከምዝጠለመካ

'ታይ ይሓይሽ ትብል
ተተመሰለልካ ንላዕሊ ተንቃዕርር
መሲሉካ ኣብኡ ዝሎ
ተደቢረካ ትልምኖ፡
ለካ ንስዩ'ውን ሓንጊዱ
ከምዛ ዘይሰምዓካ ኣጽቒጡ
ከምዛዘይራኣየ በቓ ደኒኑ፡
ኣዉያትካ ነቲ ባሕሪ ዘናወጸ
ኣብቲ ማዕዶ እንዳ'ድመጸ
ኣይርኢ ኣይሰምዕ ኢሉ
ኣሻሪዩ ወይስ ብግብርና ኮርዩ፡
ተቐይሙ ድኣ ከይከውን ተቐጢዑ፡
ኣበሳና በዚሑ።

ባሕሪ ናዓ'ባ ተዓገስ
ኣብግዜናዶ ጠሊሙ
ንዮናስ ዓሳ ኮይኑ ተቐቢሉ
ንሳልስቲ ኣዕቑቡ
ናብ መሬት ተፊኡ
ብሙሴ ብስላዕ ተደሲቑ
ያኢ ባሕሪ ናብ ክልተ ተመቒሉ
ንዕኡ ኣሕሊፉ፡ ኣጥሓሎም ንጸላእቱ ።

እሞድኣ እንታይ ተቀይሩ፡ካብቲ ቀደም
እዚ ባሕሪ፡ ክንዲ'ዚ ሃሮምረም
ምጽጋብ ኣብዩ ናትና ደም፡
ዝገርም'ዩ መስደመም!

ግንኮ መገድኻ ድኣ ከይትኸውን ስሒትካ
ረሲዕካዮ ዶ ታሪኽ ኣባሓጎታትካ
ትሩብሊ ክባህልዶ ኣይሰማዕካ
ታይድኣ ዘይለበምካ ዘይጎራሕካ
ኣንፈትካ መኣስ ኣለሊኻ
ዶሰ መኣዝንካ ስሒትካ
ወይስ ዓቕሊ'ኻ ኣጽቢብካ
ደለ ዝሓጠ ይሓጠኒ'ልካ፡
ናብቲ ሕሉም ተሃነዲድካ።

ዝግ ዘይትብል ክሓልፈልካንድዩ
ዕምሪ ጸገም ሓጺረ'ንድዩ
ራህዋ ግን ዶባ ሰማይ'ዩ።

ኣቲ ባሕሪ ሕጂ ዝተራተዓካ
ሃነፍነፍ ዝብል ክውሕጠካ
ክኸውን'ዩኮ ከም ድልየትካ
ክትሕንብሰሉ ክትገፈሉ ዓሳ
ክትፍስሃሉ ምስ ስድራኻ፡ ደቕኻ
ምስታ ጓል ሃገርካ፡ ምስ'ታኳ ኣፍቃሪትካ
ክርህወካ'ንድዩ በቃ ክሓልፈልካ።

እቲ ኩሉ ጸግደምደም ንዓኻ'ንድዩ
'ቲመሰረት -'ቲ'ወርቂ ንመን'ድዩ
ተነጺፈሞ ዶ ከይከዱ
ድብንብን ተበለ ንግዚኡ
ሃተመተም ተበለ በብኢዱ
ሓልከስከስ ተበለ ሓነጊዱ
'ቲ ሓለነጊ ሰውራ ማዓስ ነዲዱ
ንኹላ ከራኽባላ'ዩ ፡ግን ኣብሳዓቱ
በርሃው ኣቢሉ'ንድዩ፡ 'ቲ'ከውታ ኣዉጊሑ፡
እንሆ'ኳ ታተ'ሉ ዓኾኾ፡ 20ታተ ኣቑጺሩ!!

ኣምላኽ ይተዓረቐና፡ ሰላም ንሃገርና!

መኮነን ዓንተራይ ለንደን (Mekonen Anteray)
18/04/2011